## ብኣጠቓላሊ

ኣብ ዓዲ-ጥልያን ናይ ኮሎን-ረክታል (መዓንጣ) ካንሰር ኣብ ደቂ’ንስትዮ ካልኣይ ነቖርሳ ኪኾውን እንከሎ ።ኣብ ተባዕትዮ ግን ሳልሳይ ኮይኑ ይርከብ (AIOM,2020)። ካብ 50 ዓመት ንላዕሊ ኣብ ከክልተ ዓመት ደጋጊምካ ናይ ቀልቅውል ሕቡእ ደም መርመራ ምግባር ጽቡቕ ኢዩ። ኩሎም ዝተዓደሙ ሰባት ኣብ ከክልተ ዓመት ይመላለሱ።ካብ’ቲኣቶም ልሙዳት ናይ መዓንጣ ሓሊፎም ካልእ ምልክታት ምስዝርከቡ ንኣብነት ደም ኣብ ቀልቀል ብግልጺ ብዓይኒ ምስዝረኣይ፥ ድሕሪ ቀልቀል ምውጻእ ካልእ ከዘሎ ዘምስልስምዒትምስዝህብ ከምኡ’ውን ናይ ድርቂ ውጽኣት ምፍርራቕ ምስዝህልው ንሓኪምካ ምውካስ ጽቡቕ’ዩ። ቅድሚ ሕጂ ካብ ASL ብፍጹም ዕድመ እንድሕረ ዘይተገይሩልካ ኮይኑ ወይ ከኣ ኣብ’ዚይ ፕሮግራም ተሳታፊ እንድሕረ ዘይኮንካ በ’ቲይ ናይ ASL ንጻ ቁጽሪ ስልኪ ብምድዋል ቆጸራ ምውሳድ ይከኣል’ዩ። ናይ STP ወይ ENI ካርድ ዘለዎም ወይ ናይ ወጻኢ ሕብረት ኤውሮጳ ዜጋታት እውን ክሕዙ ይኽእሉ።

*ኩሎም ዝእከቡ ናይ ብሕቲ መረዳእታት ብናይ ሚስጥራውነትን ብናይ ሕለዋ መረዳታትን ሕጊታትን ኢዮም ዝመሓደሩ። ምስዘድሊ በ’ቲይ መርመራ ምኽንያት ካብ ስራሕ ምብኳር ዘመልክት ናይ ምስክር ወረቐት ክወሃብ’ዩ። ተወሳኺ ሓቤረታ ንምርካብ ወይ ናይ ቆጸራ መዓልቲ ንምቕያር በ’ቲይ ነጻ ስልኪ ናብ ናትኪ ASL ደውሊ።*

*AIOM 2020

| ASL | Screening | Numero Verde | Orari |
| --- | --- | --- | --- |
| Roma 1 | Mammella<br>Cervice<br>**Colon Retto** | 800 536 693 | da Lun a Ven<br>8:00-17:00 |
| Roma 2 | Mammella<br>Cervice<br>**Colon Retto** | 800 405 051 | da Lun a Ven<br>8:00-18:00 |
| Roma 3 | Mammella<br>Cervice<br>**Colon Retto** | 800 634 634 | da Lun a Ven<br>8:30-17:00 |
| Roma 4 | Mammella<br>Cervice<br>**Colon Retto** | 800 539 762 | da Lun a Ven<br>9:00-13:00 |
| Roma 5 | Mammella<br>Cervice<br>**Colon Retto** | 800 894 549 | da Lun a Ven<br>9:00-13:00<br>e 14:00-17:00 |
| Roma 6 | Mammella<br>e **Colon Retto** | 800 430 264 | da Lun a Ven<br>15:00-19:00 |
| | Cervice | 800 160 622 | |
| Viterbo | Mammella<br>Cervice<br>**Colon Retto** | 800 840 359 | da Lun a Ven<br>9:00-13:00 |
| Rieti | Mammella<br>Cervice<br>**Colon Retto** | 800 646 999 | da Lun a Ven<br>9:00-13:00 |
| Latina | Mammella<br>Cervice<br>**Colon Retto** | 800 065 560 | da Lun a Ven<br>9:00-13:00<br>da Lun a Gio<br>15:00-17:00 |
| Frosinone | Mammella<br>Cervice<br>**Colon Retto** | 800 003 422 | da Lun a Ven<br>9:30-13:30 |

**Per prenotare gli esami di screening scansionare il QR code**
*prenotascreening.regione.lazio.it*

MEDECINS SANS FRONTIERES
MEDICI SENZA FRONTIERE

*Traduzione in Tigrino curata da Medici Senza Frontiere nell’ambito del protocollo d’intesa con la Asl Roma 2.*

**www.salutelazio.it**

# SCREENING COLON RETTO

## LA PREVENZIONE E’ TASCABILE

IL TEST PUOI FARLO A CASA TUA



መደብ መርመራ መንሽሮ መዓንጣን መሃንቱስን

ካብ 50 ክሳብ 74 ዓመት ዝዕድሚኦም ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን

SALUTE LAZIO
SISTEMA SANITARIO REGIONALE

REGIONE LAZIO

## ስለምንታይ ካብ ዝምልከት ASL ዕድመ ይመጽእ?

ኣብ ደቀ'ንስትዮ ኮነ ኣብ ደቀ-ተባዕትዮ ካብ 50 ክሳብ 70 ዓመት ዝኾነ ዕድመኦም ናይ መዓንጣ ካንሰር ቅድመ-መርመራ ብምግባር ኣቐዲምካ ናይ ምፍላጥ ዕድል ስለዘሎ ንምዝኽኻር'ሞ ኣብ ከክልተ ዓመታት መደበኛ ዝኾነ ናይ ቀልቀል መርመራ ብምክያድ ኣብ ቀልቀል ሕቡእ ደም ናይ ምህላይ ናይ ምርግጋጽ ዝግበር መርመራ ኣብ ርእሲ ምኳኑ ፥ ኣቐዲምካ ናይ መዓንጣ ካንሰር ንምፍላጥን ንምክልኻልን ኢዩ።

ዕላማኡ ምናልባት እብ መጀመርያ ደረጃ ዝርክቡ ፖሊፒ ምስዝህልዉ ፥ ዋላኳ ጸገም ዝፈጥሩ እንተዘይኮኑ ንምዃዶም ኢዩ።

እዚይ ናይ ኣጻሪኻ-መፍለዪ ፕሮግራም ካብ SOF test (ናይ ቀልቀል ሕቡእ ደም መርመራ) ክሳብ ዕሙቕ ዝበሉ መርመራታትን ዘድልዩ ሕክምናታትን ብነጻ ኢያቶም ዝወሃቡ።

ካብ ASL ፈጺሙ ዕድመ እንተዘይተገይሩ ወይ ከኣ ኣብ'ዚይ ፕሮግራም ተሳትፎ እንድሕሪ ዘይሃልዩ በ'ቲይ ናይ ASL ነጻ ስልኪ ብምድዋል ቆጸራ ክውሰድ ይከኣል'ዩ።

## ናይ ቀልቀል ሕቡእ ደም ንምርካብ ዝግበር መርመራ እንታይ'ዩ?

ብሓንቲ ግዜ ጥራይ ዝውሰድ ኮይኑ ብዓይኒ ዘይረኣዩን ኣዚዮም ናእሽቱን ንጣር ደም ዘርኢ ፍሉይ ናይ ላቦራቶሪ መርመራ ኢዩ።እዚይ ደም ካብ ፖሊፒ ወይ ኣደኖሚ ዝበሃሉ ዝመጸ ኮይኑ እንድሕሪ ተረኺቡ ቀጺልካ ብኮሎንስኮፒያ ብቑልጡፍ ክእለ ይከኣል'ዩ።

ሓደ ሰራሕተኛ ናይ ASL ንእሽቶይ ቱቦ ምስ መምርሒ ዝሓዘት ከረጢት ክህብ'ዩ። እቲይ ዝምልከቶ ሰብ ከኣ ካብ'ታ ከረጢት ነታ ቱቦ ብምውጻእ ንእሽቶይ ንዓይነት ዝኸውን ቀልቀል ድሕሪ ምእካብን ምዕጻውን ኣብ`ታ ከረጢት ይመልሳ። ኣብ ፍሪጅ ከኣ ተቐሚጣ ትጸንሕ።

ካብ ዝኣከብካሉ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ኣብ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ መምርሒ ተገሊጾም ዘለዉ ማዕከላት ተረኽቦ።ነ'ዚይ ንእሽቶይ ቱቦ ኣብ ብዙሓት ቤት መድሓኒታት ስልዝርከብ ካብኣተን ክትወስዶን ናብተን ክተረክቦን ይከኣል'ዩ።

## መርመራ ድሕሪ ምግባርከ?

መደበኛ ውጽኢት (ማለት ብዘይ ደም) ምስዝርከብ እቲይ ምጽርራይ ማዕከል ቡስጣ ኣሉታዊ ውጽኢት መርመራ ዝሓዘት መልእኽቲ ብቐጥታ ናብ ገዛ ይሰድድ፥ ክምኡ'ውን ድሕሪ ክልተ ዓመት እዚይ መርመራ ንኽድገ ዕድመ ይገብር።

እቲይ መርመራ ካብ ዝተገብረሎም 100 ሰባት 5 ወይ 6 ዝኾኑ በ'ቲይ ኣብ ቀልቀል ዝርከብ ደም ብዝተፈላለየ ምኽንያት (ንኣብነት ኳርማ፥ዳይቨርቲኩላ … ወዘተ) ኣዎንታዊ ውጽኢት ይርከቦም። ነገ ግን እዚይ ደም ምናልባት ካብ ፖሊፒ ዝመጸ ምኳኑ ምርግጋጽ የድሊ።

ኣብ'ዚይ መርመራ ኣዎንታዊ ነት ምስዝርከብ እቲይ ናይ መጻረዪ ማዕከል ነቲይ ሰብ ብስልኪ ብምርካብ ኩሉሳዕ ብነጻ ብዑምቀት ንምፍላጥ ኣብ ሓደ ዝምልከቶ ሆስፒታል (ብፍቓደኝነት መደንዘዚ ብምጥቓም) ኮሎንስኮፒያ ክገብር ይዕድም ። ኣድለይቲ ምስዝኾኑ ከኣ ተወሰኽቲ መርመራታትን ሕክምናታትን በ'ቲይ ዝምልከቶ ASL ተመዝጊቦም ብቐጥታን ብነጻን ይወሃቡ።

## ክኣምን እኽልድየ?

እቲይ መርመራ ናይ ሕቡእ ደም ኣብ ቀልቀል (Test SOF) ብኣዚዩ ስሚዒታዊ ናይ ሕማም መከላኸሊ መርመራ ክኸውን እንከሎ ዝተወሰኑ ጸረ-ወጻእተኛታት ኣካላት ብምጥቃም ንናይ ሰብ ደም (ጸረ-ወጻእተኛታት ኣካላት ጸረ-ግሎቢን) ንምልላይ'ሞ ናይ መዓንጣ ደም ምፍሳስ ኣጊሊሑ ንምርኣይ ኢዩ። እዚይ ዓይነት መርመራ ንጻል ናይ ቀልቀል ንምእካብ'በር ከም'ቲይ ናይ ካልኦት ዓይነት ሰለስተ ንጻላት ቀልቀል ዝሓትት ኣይኮነን። ምንም ዓይነት ኣመጋግባ ምክትታል ኣድላዪ ኣይኮነን።

ንናይ ቀልቀል ሕቡእ ደም መርመራ ዘንብቡ ማዕከናት ኣብ ናይ ሙከራ ላቦራቶሪታት ዝርከቡ ኮይኖም ኣብ ዓመት እንተወሓደ 60.000 ንጻላት ቀልቀል ከጽሪዩ እለውዕም።

ኩሎም ኣገባብራታት ንብሄራውያንን ንኣውሮጳውያንን መምርሒታት ዝኽተሉ ኮይኖም ናይ ዓይነት ጽፈት ቁጽጽር'ውን ይግበረሎም'ዩ።

